# ነጻነቱ ብደሙ ኣረጋጊጹ ሓርነት ዝሓርበቶ ህዝቢ
## መበል 23 ክፋል
## ሕድሪ ሰማእታትና ክቡር እዩ
## በርሀ ዑቁባዝጊ ሃገር ጀርመን

(እዚ ዘበን ዘበን በሎ በሎ እዩ ዘበኑ)

ነዚኤን ውን የድልየን ኣሎ ጠፍ
ንሳዓብቲ ጃንዳ ህግደፍ
ድምብርጽ ዘይብለን መንእሰይ ክቅዘፍ
ከም ኣምላኽ ዘምልኻ ንውልቀ ሰብ።




ንመጽነቲ ህዝብና መስቀል መሲልወም ኢዱ ዝሰዕማ
ጭርናዓቱ ኣደታት ጀጋኑ ዘሕመማ
ንውልቀ መላኺ ኢድ ነሲኤን ዝሳለማ
ወዲ ኣፎም እንዳላ ኣእዛና ዘጽመማ
ሰብ ክልብም ዘይልብማ
ኣይማሃራንየን ከይተጨልገማ።

እዚ ዘበን ዘበን በሎ በሎ እዩ ዘበኑ
መንእሰይ ን.20 ዓመት ተጻሚሙ ደኺኑ
ሕጂ ግን ያኣክል ኢሉ ሓሪኑ
ኢሉ ህግደፍ ዝህደንሉ ሕጂዩ እዋኑ
ንጭፍራን ሳዓብቶምን ሃዲኑ
ደጊም ምሕረት የሎን እመኑ ኣይትእመኑ።

ዋላ ውን ተጋዳላይ ይንበር
መሰል ህዝብና ክሳብ ዝከበር
ዕምሪ ዲክታቶር ክናውሕ ዝጽዕር
ምስ ደለይቲ ለውጢ ክሳብ ዝሓብር
ጥፍ ኣብልዎ መታን ክማሃር
ተረዲእዎ ኣብ ደንበ ስመር
ንፍትሒ ክቃለስ ኣብ መስመር።

እዚ ዘበን ዘበን በሎ በሎ እዩ ዘበኑ

እቲ ዘይኣምን ዝሕጭጭ ዝዋዘ
ኣእምርኡ ደንዚዙ ዝፈዘዘ
ኣብ ዘበን ውርውራ ዘይንብረቱ ዝሓዘ
ድንብርጽ ዘይብሎ ደም ንጽሃት እንተ ወሓዘ
ብጸቱ ረሲዑ ገንዘብ ሰሲዑ ዋኒኑ ዘዕዘዘ
ሕጂ ኣዕጽምቲ ሰማእታትና ወጊእዎ ይቆንዘ።

መንእሰይ ይብል ኣሎ ክፍደዩ እቲ ሕነ

ኣብ ጎኒ ደለይቲ ለውጢ ኮይነ
ኢሊ ውሑድ ዶ ርእሰይ ኣድኒነ
ደጊም ካሃድኖምየ ንሰብ ደመይ ኣነ
ንህግደፍ ብመንግስትታ ኣፍሪቃ ዝተፈንፈነ
ብመንግስትታት ዓለም ዝተኾነነ
ነበረያ ነበረ ክገብሮ ወሲነ
ደጊም ኣብኣ ይረኽባ ንጭፍራ ዝኣመነ።
(እዚ የዋህ ህዝቢ ዶ ከምዚ ይፍደ)

ነጻነትና 20 ዓመት ኣቑጺራ ፈኸም እንበለት
ካብ ዓመት ናብ ዓመት እንዳ ኣንቆልቆለት
መንእሰያት እንዳ በልዔት
ኣብ ሕንብርታ ኣብቍላ ኣሰለት
እንታዎት እዮም እዞም ሰባት
ዘፍሰሱ ደም ንጹሃት
ዘይስከፎም ናይ ህዝብና ኣውያት
እዞም ኩሎም ጆጋኑ ዝኸፈለት
ሃገር ዶ መፍተት ዋህዮታት
ተረፍ ደርጊ ቀንጆት ምኾነት።

ሳዓብቲ ጃንዳ ይመስሎም እቲ ናይ መንእሰያት ባርነት
ሃገር እንዳ ተሃንጸት ብዘይውዕለት
ብሃገራዊ ኣገልግሎት
ይመስሎም ብመንግስቶም ዝተሃንጸት
ገለ ብፍልጠት ገለ ብዘይፍልጠት

ዝተዋፈሩ ኣብ ምጽናት ደቀባት።

ስለዚ የድልየናሎ ስምረት
ንናይ ህዝብና ንድሕነት
ኣብ 2012 ክንከውን ወነንቲ ሓርነት
ተዛቲና ንረጋግጾ ናይ ኤረትራዊያን ሓድነት።

ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤረትራ
ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና
ኤረና ንልብዘበን እንበር ነዓመታስ ሸዊት ለምለም
ዕንወት ንጀንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን